# ከይትደኽሙን ነፍሳትኩም ከይሕለላን

“ምእንትዚ ንሕና ድማ ብክንድዚ ዚኣክል ደበና ምስክር ተኸቢብና ከሎና፡ ንኹሉ ዝከብደናን ነቲ ዝጠብቀና ሓጢኣትን ነርሕቕ፡ በቲ ኣብ ቅድሜና ተሓንጺጹልና ዘሎ መቐዳደሚ ከኣ ብትዕግስቲ ንጕየ። ናብቲ ሕፍረት ንዒቑ ስለቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ሓጐስ ኢሉ መስቀል እተዓገሰን ኣብ የማን ኣምላኽ እተቐመጠን ማር እምነትናን ደምዳሚኣን ኢየሱስ ንጠምት። ምእንቲ ከይትደክሙን ነፍሳትኩም ከይሕለላን፡ ነቲ ካብ ሓጥኣን ኣብ ርእሱ ክንድዚ ዚኣክል ምጽራር እተዓገሰ ዘክርዎ (እብ 12፡1-3)”።

ከምቲ ንትምህርትና እዩ ዝተጻሕፈ ዝተባህለ፡ ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ድማ በቲ ኣምላኽ ዝሃቦ ጸጋን ሓላፍነትን ንዘመናት ዝኸውን መልእኽቲ ጽሒፉልና ኣሎ። ንሕና ድማ ምስ ካልእ ክፍልታት መጽሓፍ ቅዱስ ብምትእስሳር ነዚ ዘመንና ዝኸውን ትምህርቲ ክንመሃረሉ እግዚኣብሄር ኣእምሮና ይኽፈት።

እዚ መልእኽቲ እዚ ከምቲ ኣብቲ ኣርእስቲ ተገሊጹ ዘሎ ምእንቲ ከይንደክምን ከይንሕለልን ዝጠቕመና መልእኽቲ እዩ። መልእኽቲ እብራውያን ምዕራፍ 11 ብምሉኡ ብዝግባእ እንተ ደኣ ተረዲእናዮ፡ ታሪክ ናይ ዝተፈላለዩ ሰባትን ኣብ ዝተፈላለዩ ዘመን ዝነበሩን ክነሶም፡ ነቲ ኣብ ዘዘመኖም ዝነበረ ዝዕንቅፍን ዝጠብቕን ሓጢኣት ኣርሒቕም ብከመይ ናብቲ ዓስቢ ዓወት፡ ናይ ላዕሊ ጽውዓ ኣምላኽ ከም ዝበጽሑ እዩ ዝትርኽ። እዚ መልእኽቲ እዚ ክንርእዮ ከሎና፡ ክንድዚ ዝኣክሉ መሰኻኽር ከም ደመና ከቢቦሙና ስለ ዘለዉ፡ እቲ ንዕኦም ዘዐወቶም ምስጢር ንዓና’ውን ከዐውተና ከም ዝክእል ንክንርዳእ ዝተጻሕፈ መልእኽቲ እዩ። እዞም ነቲ ዝተጸውዑሉ ጽውዓ ኣምላኽ ኣብ ዘመኖም ብቑዓት ብምዃን ዝተዓወቱ ናይ እምነት ኣቦታት፡ ኣብዚ ዘመን ንዘሎና ኣመንቲ ዘመሓላልፍዎ ትምህርቲ ዓብዪ እዩ። ምኽንያቱ፡ ንሓደ ዕላማን ንሓደ ተስፋን ዝተጸዋዕና፡ ብዘይካ እንነብረሉ ዘመን ካልእ ዝፈሊ ዘይብልና ሓደ ስለ ዝኾንና እዩ። እዞም ንዕላማ ኣምላኽ (ጸውዓ ,ት ኣምላኽ) ኣብ ዝተፈላለየ ዘመን፡ ዝተፈላለየ ደረጃ መነባብሮን ዝተፈላለየ ጽንኩር ፈተናን ስዒሮም ዝተዓወቱ ናይ እምነት ጋኑ፡ ነዚ ንሕና ንነብሮ ዘሎና ናብራን ንሓልፎ ዘሎና ፈተናን እንዕወተሉ ምስክር ኣለዎም። ስለዚ ንምስክሮም ንምስማዕ ናብ መልእኽቲ እብራውያን ምዕራፍ 11 ተመሊስና ነስተብህል።



መልእኽቲ ናብ እብራውያን ልዕሊ ኹሉ ብዛዕባ እቲ ርእሲ ኩሉ ምስክር ዝኾነ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ ዝዛረብ። “ናብቲ፡ ሕፍረት ንዒቑ፡ ምእንቲ እቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ሓጐስ ኢሉ መስቀል እተዓገሰን ኣብ የማን ኣምላኽ ዝተቐመጠን፡ ማር እምነትናን ድምዳሚኣን ኢየሱስ ንጠምት። ምእንቲ ከይትደክሙን ነፍሳትኩም ከይሕለላን፡ ነቲ ካብ ኢድ ሓጥኣን ክንድዚ ዚኣክል ምጽራር እተዓገሰ ዘክርዎ” (እብ 12፡2-3)።

ስለምንታይ እዩ ጐይታ፡

- ሕፍረት ንዒቑ
- መስቀል ተዓጊሱ
- ካብ ኢድ ሓጥኣን ክንድዚ ዚኣክል ምጽራር ተዓጊሱ ኢልና እንተ ሓተትና፡ እቲ መልሱ፡ ስለቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ሓጐስ ኢሉ ዝብል እዩ።

መደብ ኣምላኽ ንዓና ኵሉ ጊዜን ኣብ ኵሉ ቦታን ክንብርትዕ እዩ። እቲ ምብርታዕ ድማ ብዕዮ፡ ብፍቕሪ፡ ብእምነት፡ ብተስፋ፡ ብሰናይ ተግባር፡ ብጸሎት፡ ቃሉ ብምምርማር ወዘተ እዩ። እቲ ብፍቕሪ ዝበርትዐ ነቲ ናይ ጽልኢ ህይወት ይስዕር። እቲ ብእምነት ዝበርትዐ ንዘይምእማን (ምጥርጣር) ይስዕር፡ እቲ ብትግሃት ዝበርትዐ ንትህኪት ይስዕር፡ እቲ ብግብሪ ጽድቂ ዝበርትዐ ንሓጢኣት ይስዕር ወዘተ።

ብኣንጻር እቲ መደብ ኣምላኽ፡ መደብ ሰይጣን ኣባና ክንደክምን ክንሕለልን እዩ። እዚ ማለት ባህርይ ኣምላኽ ኣብ ህይወትና ክውሕድ፡ ባህርይ ሰይጣን ድማ ክበዝሕ ማለት እዩ። ነዚ ክንዝርዝሮ ከሎና፡ ተቐየምቲ፡ ኮረይቲ፡ ህኩያት፡ ተጻላእቲ፡ ዕቡያት፡ ተጠራጠርቲ ወዘተ ምዃን ማለት እዩ (2ጢሞ 3፡1-9)።

እምበኣር መደብ ኣምላኽን መደብ ሰይጣንን እዚ ካብ ኮነ፡ ንሕና ድማ ዕላማ ናይዞም ክልተ መደባት ካብ ኮንና፡ ከም ሰዓብቲ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ መጠን፡ ብመደብ ኣምላኽ ብምጕዓዝ ጥራይ ኢና ንመደብ ሰይጣን ኣብ ህይወትና ከንቱን ዘይጠቕምን ክንገብሮ እንክእል (ያእ 4፡6-7)። እግዚኣብሄር ድማ ካብቲ ሰይጣን ዘዳለዎ መፈንጠራታት እንመልቈሉ፡ ነቲ ዝውርወር ፍላጻታት እንሰብረሉን ነቲ ኣንጻር ምኽሪ ኣምላኽ ዝመኸሮ ምኽርታት እነፍርሰሉን ጥበብን ጸጋን ሓይልን ሂቡና ስለ ዘሎ፡ በዚ ብክርስቶስ ኢየሱስ ዝተገልጸ ጸጋ ብምብርታዕ ካብ ድካምን ምሕላልን ክንድሕን ይግባእ። እቶም ናይ እምነት ኣቦታት ተባሂሎም ተገሊጾም ዘለዉ ነቲ ኣብ ዘመኖም ንምድካሞምን ንምሕላሎምን ሰይጣን ብዝተፈላለየ መገድን

ኵነታትን ዝመደቦ ምክሪ፡ ብምክሪ ኣምላክ ብምምልላስ እዮም ስዒሮምዎ፡ ንዓና ኣብዚ ዘመን ንዘሎና ድማ ምስክር ኮይኖም ከም ደመና ከቢቦሙና ኣለዉ።

ምድካምን ምሕላልን ዝብሉ ቃላት ከነተኵረሎም ይግባእ። ብመንፈሳዊ ቋንቋ ደኪሙ እንብሎ መንፈሳዊ ዕማም (ተግባር) ንምፍጻም ሓይሊ ዝሰኣነ እዩ። እተሓለለ ግና ተስፋ ዝቐረጸ እዩ ዘስምዕ። ናብ ከምዚ ዓይነት ናይ ህይወት ሓደጋ ከይንወድቕ እምበኣር እቲ መድሃኒት ሓደ ጥራይ እዩ። ንሱ ድማ ናብቲ ማርን ደምዳምን እምነትና ዝኾነ ኢየሱስ ክርስቶስ ምጥማት እዩ።

ናብ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ንጠምት ክበሃል ከሎ፡ ኵሉ መዳያዊ ህይወቱ ማለት ካብቲ ካብ ድንግል ማርያም ዝተጸንሰሉ ክሳብ እቲ ኣብ የማን ኣምላክ ኣብ ሰማያት ብክብሪ ዝተቐመጠሉ ጕዕዞ ህይወት ከነስተብህል ይግባእ። ምክንያቱ እዚ ጕዕዞ ህይወት እዚ፡ ጐይታ ንዓና ወኪሉ ዝሓለፎ ስለ ዝኾነ፡ ነቲ ማዕረ ኣምላክ ምዃኑ ከም ምምንዛዕ ከይረኣየ ብንብረቱ ሰብ ኮይኑ ዝተረከበ፡ ብዘይ ብሓጢኣት ብኵሉ ከምዚ ከማና እተፈተነ፡ ብኵሉ እቲ ንዓና ዘጋጥመና ክድንግጸልና ኣብ ልዕሊ ኵሉ ድማ ብዓወት ዘመላልሰና ኣብነት (ምስክር) ክኾነና እዩ። ስለዚ እዩ ድማ ሃዋርያ ጴጥሮስ ኣሰኣሰሩ ምእንቲ ክትስዕቡ ክርስቶስ ኣርኣያ ሓዲጉልኩም ዝበለና። “ሓደ እኳ ስለ ሕሊና ኣብ ቅድሚ ኣምላክ ተዓሚጹ ጓሂ እንተ ተዓገሰ፡ እዚ ጸጋ እዩ። ሓጢኣት እናገበርኩም መውቃዕቲ እንተ ተዓገስኩምከ፡ እንታይ ትምክሕቲ ኣለዎ፧ ሰናይ እናገበርኩም መከራ እንተ ተዓገስኩም ግና እዚ ኣብ ቅድሚ ኣምላክ ቅቡል እዩ። ነዚ ኢኹም እተጸዋዕኩም እሞ፡ ክርስቶስ ከኣ፡ ኣሰኣሰሩ ምእንቲ ክትስዕቡ፡ ኢሉ ኣርኣያ ሓዲጉልኩም ምእንታኹም መከራ ጸገበ። ንሱ ሓጢኣት ዘይገበረ፡ ተንኰል’ውን ኣብ ኣፉ ዘይተረክበ፡ ምስ ጸረፍዎ መሊሱ ዘይጸረፈ፡ መከራ ምስ ኣጽገብዎ ከኣ ነቲ ብቕንዕና ዝፈርድ ደኣ ነገሩ ኣሕሊፉ ሃበ፡ እምበር ዘየፈራርሀ። ንሓጢኣት መዊትናስ ንጽድቂ ምእንቲ ክንነብር፡ ንሱ ባዕሉ ንሓጢኣትና ኣብ ስጋኡ ኣብ ዕንጨይቲ ጸሮ፡ ብቑስሉ ኢኹም ዝሓዌኩም” (1ጴጥ 2፡19-24)።

እምበኣር ነቲ ጐይታ ዝሓለፎን ብዛዕባና ዝበሎን ብግቡእ እንተ ደኣ ኣስተብሂልናሉ፡ ካብኡ ወጻኢ ዘጋጥመና ነገር የለን፡ ኣይከጋጥመናን ድማ እዩ። ጐይታ ንዓይ ተቐቢሎሙኒ እንተ ኮይኖም ኪቕበልኩም እዮም። እቲ ንዓይ ዝሰምዕ ንዓካትኩም ድማ ክሰምዓኩም እዩ፡ ከምቲ ንዓይ ክቐትሉኒ ከለዉ ፍቓድ ኣምላክ ዝፍጽሙ ዘለዉ ዝመስሎም ዝነበረ ኣባኩም ድማ ናብ



ኣምላክ ቅቡል መስዋእቲ ዘቕርቡ ዘለዉ ዝመስሎም መዓልትታት ክመጻ እየን ብምባል እዩ ብቓሉ ኣቐዲሙ ዘፍልጠናን ብናብርኡ ዘራኣየናን።

ሃዋርያት ድሕሪ ዕርገት ጐይታ ከምቲ ዝበሎምን ኣብ ህይወቱን ናብርኡን ዘርኣዮምን ምስ ኣጋጠሞም፡ ብስሙ ክሓስሩ ብቑዓት ኮይኖም ምርካቦም ከሐጕሶም ከሎ ኢና እነንብብ። ምክንያቱ ኣብቲ ስቓይ ክርስቶስ ምስ ሓበሩ ጥራይ እዮም ምስኡ ድማ ክከብሩ ዝክእሉ። እሞከ ደኣ፡ ኣባና በጺሑ ዝልወጥ ሓቂ’ዶ ኣሎ እዩ፧ ፈጺሙ የለን። ምክንያቱ እቲ ዝተዋህበና ተስፋ ሓደ፡ ኣብቲ ወሃብ ተስፋ ጐይታ’ውን ለውጢ ስለ ዘየለ እዩ። የግዳስ እቲ ቅድሚ ዘመናት፡ ኣምላክ ብዛዕባና ዝመደቦ፡ ኣቐዲሙ ብወዱ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝገለጾ ሓቂ እዩ ዘጋጥመና ዘሎ እሞ፡ ገለ ሓድሽ ነገር ከም ዘጋጠመና ኴንና ከይተሰናበድና ነቲ፡ ምስኡ ሓሳረ መከራ እንተ ጸገብኩም ምስኡ ድማ ክትከብሩ ኢኹም፡ ዝብል መልእኽቲ እናዘከርና ንምፍጻም ተስፋና ትግሃት፡ ጽንዓትን ትዕግስትን ነዕዝዝ።

መብዛሕትኡ እዋን እቲ ንድካምን ምሕላልን ዝቃላዕ ሰብ ኣዒንቱ ካብቲ ጐይታ ብቓልን ብግብርን ዘርኣየና ከልዕል ከሎ እዩ። ሰብ ነቲ ሓቀ ኵነታቱ ብዘይካ ኣምላክ ካልእ ክፈልጠሉ ዝክእል ዋላ ሓደ ኣካል የለን። ግናከ ኣመንቲ ነቲ ዘለዎም ሓቀ ፡ ኣድልዎን ዓመጽን ዘይብሉ ናብራኦም ካብ ከባቢኦም መረጋገጺ ክጽበዩ እንተ ደኣ ሚሮም፡ እቲ ድካሞም ኣብዚ እዩ ዝጅምር። ምክንያቱ ኣይኮነን ንሕና ሰባት እቲ ማዕረ ኣምላክ ክነሱ፡ ሰብ ንምዃን ዝመረጸ ኣበር ኣልቦ ጐይታ እኳ ካብ ከባቢኡ ምስክር ኣይደለየን። ንጐይታ ንመከራ ሞት ኣሕሊፎም ዝሃቡዎ ብምስክር ሓሶት ምንባሩ’ውን ዝርሳዕ ታሪክ ኣይኮነን። ሎሚ ሰባት ዕላማኦም (ኣንዳኦም) ንምፍጻም ብሓሶት እንተ ወንሉካ፡ ብዛዕባካ ብሓሶት ክፉእ ዘበለ እንተ ተዛረቡልካን፡ ናይ ብሓቂ ሰዓቢ ክርስቶስ ምዃንካ ምስክር ይኩንካ። ምክንያቱ እቲ ጐይታ ኣብ ናይ ከረን ስብከቱ ዝመሃሮን ኣብ ህይወቱ ድማ ዘጋጠሞን እዩ ኣጋጢሙካ “እንተ ጸረፉኹምን፡ እንተ ሰጐጉኹምን፡ ምእንታይ ድማ ክፉእ ዘበለ ብሓሶት እንተ ተዛረቡልኩምን፡ ብጹኣን ኢኹም። ከምኡ ከኣ ቅድሜኹም ንዝነበሩ ነብያት ሰጒጎምዎም እዮም እሞ፡ ኣብ ሰማያት ዓ ስብኩም ብዙሕ ስለ ዝኾነ፡ ተሓጐሱ ባህ’ውን ይበልኩም (ማቴ 5፡11-12)።

ወንጌል ዝመስከሮ ሓቂ እዚ እዩ። እቲ ኢንታ ዘይብሉ ጐይታ ካብ ኢድ ሓጥኣን ክንድዚ ዝኣክል ምጽራር ካብ ተዓገሰ፡ ንሕና ንዘይምዕጋስ እነምጽኦ ሓሳብ ይኩን እንህቦ ግብረ መልሲ፡ ምልክት ድካምና እምበር ካልእ ክከውን

ኣይክእልን እዩ። ዓለም ንሓቂ ኣይትፈልጦን እያ እንተ ትፈልጦ ንጐይታ ክብሪ ኣሕሊፉ ኣይምሃበቶን። ዓለም እትምርሓሉ ናይ ገዛእ ርእሳ ሓቂ እትብሎ ነገር ኣለዋ። እዚ ሓቂ እዚ ድማ ኣብ ብዝሒ ዝተመርኮሰ እዩ። ንዝኾነ ክትገብሮ ዝደለየት ነገር ብዙሕ ሰብ ይድግፎ እንተ ኮይኑ ንዓኣ ሓቂ እዩ። ንኣብነት ነቲ ዓማጽን ቀታልን ሰብ ዝኾነ በርባን ክፍታሕ፡ ኣብ ክንድኡ ድማ እቲ መሕወዪን ረዳእን፡ መድሓንን ዝኾነ ጐይታ ክስቀል ንዓ ለም ቅኑዕ እዩ። ከምዚ ስለ ዝኾነ እዩ ጐይታ እቲ ካብ ዓለም ክንጽበዮ ዘሎና ጸባባ ምኳኑ ኣቐዲሙ ዘጠንቀቐና።

ከምቲ ጠቢብ ሰሎሞን ንኹሉ ገግዚኡ ኣለዎ ዝበሎ፡ ግዚኡ ሓልዩ ዝመጽእ ዘይጥለም ተስፋ ኣሎና። ኣብዛ ዝያዳ ኹሉ ሰብ እንግፍዓላ ዘሎና ዓለም ጥራሕ እንተ ዝከውን ተስፋና፡ ካብ ኹሉ ሰብ እነደንግጽ ምኾንና ነይርና። ሕጂ ግና ኣምላክ ንዓና ዝሓይሽ ነገር ስለ ዘለዎ ፈጺምና ኣይንሕለልን ኢና። ኣምላክ፡ እዚ ናይ ሕጂ ጸበባና ክመዓራረዮ ዘይክእል በረከት ከም ዘዳለወልና ሃዋርያ ጳውሎስ ብከምዚ ዝስዕብ ገሊጽዎ ኣሎ። “እቲ ሽዓ ዝሓልፍን ቀሊልን ጸበባና ማእለያ ዘይብሉ ብሉጽ ናይ ዘለኣለም ምሉእ ረዚን ክብሪ የዳልወልና እዩ እሞ፡ እቲ ናይ ወጻኢ ሰብና እንተ በሰበሰ እኳ፡ እቲ ውሽጥና ኣብ ጸጽባሕ ይሕደስ ኣሎ፡ ስለዚ ኣይንሕለልን ኢና። እቲ ዝረአ ንጊዚኡ እዩ፡ እቲ ዘይረአ ግና ንዘለኣለም እዩ እሞ፡ ንሕና ነቲ ዘይረአ እምበር ነቲ ዝረአ ኣይንጥምትን ኢና” (2ቆረ 4፥16-18)።

ጐይታ ድማ ነዚ ክብሪ (ሓጐስ) እዚ ኢሉ እዩ መስቀል እተዓገሰ እሞ፡ ንሕና’ውን እቲ ኣብዛ ዓለም ዘጋጥመና ጸበባን ሽግርን ሓሊፍና ነቲ ኣብ ሰማያት ብኣምላክ ተዳልዩልና ዘሎ ዘይሓልፍ ክብሪ ክንጥምት ምስ እንክእል ጥራሕ እዩ ካብ ድካምን ምሕላልን ተናጊፍና ኣብ ጸጽባሕ ሓይልና ከም ንስሪ ዝሕደስ፡ ኣብ ልዕሊ ኹሉ እኩይ ምክርታትን ተግባራትን ድማ ብምግባረ ሰናይ ሃብቲምና ንብዙሓት ንበረከት እንከውን። “ኣቱም ፍቁራተይ፡ በቲ ንምፍታን ዝረኸበኩም ዘሎ ዋዒ ሓዊ፡ ሓደ ሓድሽ ነገር ከም ዝበጽሓኩም ኴንኩም፡ ኣይትገረሙ። ብምግላጽ ግርማኡ ድማ ክትሕጐሱን ባህ ክትብሉን ኢኹም እሞ፡ ኣብቲ ስቓይ ክርስቶስ ሕቡራቱ ካብ እትኾኑስ፡ ተሓጐሱ ደኣ። ምእንቲ ስም ክርስቶስ እንተ ተጸረፍኩም፡ እቲ ናይ ክብርን ናይ ኣምላክን መንፈስ ኣባካትኩም ይሓድር እዩ እሞ፡ ብጹኣን ኢኹም። ሓደ ካባካትኩም ከም ቀታሊ፡ ወይስ ከም ሰራቒ፡ ወይስ ከም ገባር እከይ፡ ወይስ ከም ኣብ ነገር ካልኦት ከም ዝጽንበር ኮይኑ መከራ ኣይጽገብ። ከም ክርስትያን መከራ እንተ ጸገበ ግና፡ ስለ እዚ ስም እዚ ንኣምላክ የመስግኖ



እምበር፡ ኣይሕፈር። እቲ ፍርዲ ኣብ ቤት ኣምላክ ዝጅምረሉ ጊዜ መጺኡ እዩ እሞ፡ ቅድም ኣባና ካብ ዝጅምርሲ፡ እቶም ንወንጌል ኣምላክ ዘይእዘዙ ደኣ መወዳእታኦም እንታይ ክከውን እዩ፧ እቲ ጻድቕ ብሓይሊ ገደል ዝድሕን ካብ ዝከውን፡ እቲ ዓማጽን ሓጥእን ደኣ ኣበይ ክረአ እዩ፧ ስለዚ’ውን እቶም ከም ፍቓድ ኣምላክ ኰይኖም ሓሳረ መከራ ይጸግቡ ዘለዉ፡ ሰናይ እናገበሩ፡ ንነፍሶም ኣብቲ እሙን ፈጣሪ ደኣ የማሕጽኑዋ” (1ጴጥ 4፥12-14)።

ኣብ መደምደምታ ምእንቲ ከይንደክምን ከይንሕለልን ናብቲ ጻድቕ ክነሱ ብኢድ ሓጥኣን እተሳቐየ፡ ስለቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ሓጐስ ኢሉ መከራ መስቀል እተዓገሰን ኣብ የማን ኣምላክ እተቐመጠን ጐይታ ንዘክር። ብዘይካኡ ካብ ድካምን ምሕላልን ከናግፈና ዝክእል ዋላ ሓደ የለን። ንሱ ናይ እምነትና ማርን ደምዳምን ብምኳኑ ካብኡ ንየማን ኮነ ንጸጋም ምግላስ መፍትሒ ዘይኮነስ ድካምን ምሕላልን እዩ ዘስዕብ። ጐይታ ድማ ነቲ ኣባና ዝመሮ ሰናይ ነገር ክፍጽም እሙን እዩ።

ጐይታ ጸጋ የብዝሕ።